# ባንክ ኣባይትን ንግድን ጨንፈር ተሰነይ ንንኡሳን ዞባታት ጐሉጅን ፈርቶን ናይ ልቓሕ ኣገልግሎት ምሃብ ክጅምር እዩ።

------0-----

ባንክ ኣባይትን ንግድን ጨንፈር ተሰነይ፣ ኣገልግሎቱ ብምስፋሕ ኣብተን ሓድሽ ማስተር ፕላን ዝተገብረለን ሓውሲ ከተማታት ጐልጅን ፈርቶን ንዝርከቡ ተጠቀምቲ ኣብዚ ዓመት እዚ ኣገልግሎት ልቃሕ ምሃብ ከምዝጅምር ኣካያዲ ስራሕ እቲ ባንክ ኣቶ ኣስመሽ ተኸለ ሓቢሩ።

ውሑዳት ዓማዊል ተጠቀምቲ ናይዚ ዕድል ንምጝን፣ ኣብዚ እዋንዚ ናይ ልቃሕ ውዕል ከፊቶም ቅጥዕታት ባንክ ኣብ ምምላእ ከምዝርከቡ ኣቶ ኣስመላሽ ብተወሳኺ ኣረዲኡ።

ብዘይካዚ እቲ ባንክ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ተሰነይን ባረንቱን ልዕሊ 3.6 ሚልዮን ናቕፋ ልቓሕ ሂቡ ከምዘሎ ተፈሊጡ።
ካብዚ ዝተዋህበ ልቃሕ፣ 2 ሚልዮን ናቕፋ ንመህነጺ ንግዳዉን ትካላትን መንበሪ ኣባይትን፣ ዝተረፈ ልዕሊ 1.6 ሚልዮን ናቕፋ ድማ ንመበራበሪ ንግዳዊ ንጥፈታት ከምዝወዓለ ኣቶ ኣስመላሽ ሓቢሩ።

ኣቶ ኣስመላሽ ኣስዒቡ፣ ነበርቲ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ብቀረባ ናይ ባንክ ኣባይትን ንግድን ተጠቀምቲ ንክኾኑ ኣብ ከተማ ባረንቱ ጨንፈር ናይቲ ባንክ ንምክፋት መደብ እኳ እንተነበረ ብሰንኪ 3ይ ወራር ወያኔ ተዓናቒፉ ከምዝጸንሐ ኣፍሊጡ። ነዚ መደብ ንምትግባር፣ ድማ ኣብዚ እዋንዚ ባንክ ኣባይትን ንግድን ኣድላይ ምቕርራባት ይገብር ኣሎ።

ባንክ ኣባይትን ንግድን ጨንፈር ተሰነይ፣ ኣብ እዋን 3ይ ወራር ወያኔ፣ ምሉእ ብምሉእ ብሓዊ ሰለዝተቃጸለ፣ ዳግመ ምውዳብ ብምክያድ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2001 እዩ ኣገልግሎት ክህብ ጀሚሩ።

******** -ኣዜኤ ********